በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ኣምላክ ኣሜን።

ብሓደ ሓውና ካብ ዝቐረበልና ሕቶ ክንምልስ 1ይ- ገለ ገለ ሰባት ኣለዉ ስለምንታይ ምእንተ ማርያም እናበልኩም ትጽልዩ ይብሉና'ሞ እንታይ ኢልና ክንመልሰሎም፤ 2ይ- ድሮ ሃይማኖቶም ቀይሮም ዘለዉ ኣዕሩኽትና ብኽመይ ናብታ ሓቀኛ ሃይማኖትና ተዋህዶ ክንመልሶም ንኽእል፤

መልሲ- ን1ይ- መጀመርያ ክንፈልጦ ዝግብኣና ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ዘሎ ጽሑፋት'ዩ! ጽሑፋት እንተ ፈሊጥና ነቲ ንብሎውን ክንፈልጦ ስለ'ንኽእል ኣብ ጥርጥርን ሕቶን ኣይንኣቱን ኢና፡ እዚ ሕቶ'ዚ ኸኣ ብ ኣዴና ድንግል ማርያም፤ ቅዱሳን ጻድቃናት እናልዓሉ ድኽመቶም ይገልጹልካ፡ ምእንተ ማርያም ኢልና እንጽልየሉ መኽንያት ግን ባዕልና ዝፈጠርናዮ ዘይኮነስ ጎይታናን መድሓኒናን ብዝኣተወላ ቃል እ'ዩ። ንሕና ኸኣ ወላዲተ ኣምላክ ስለ ዝኾነት ብስማ ንልምን ናይ ክብሪ ስግደት ንሰግደላ። *ማቴዎስ 10፡40 ንዓኹም ዝቐበል ንዓይ ይቐበል…41- ንነብዪ ብስም ነብዪ ዝቕበል ዓስቢ ነብዪ ይረክብ፡ ንጻድቕ ብስም ጻድቕ ዝቕበል ዓስቢ ጻድቕይረክብ። 42- ካብዞም ንኣሽቱ ንሓደ እኳ ብስም ወደ መዝሙር ማሳ ዝሑል ማይ ጥራይ ዜስቲ ዓስቡ ከቶ ከምዘይስእን ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ።* ኣብዛ ሓጻር ጽሑፍ ናይ ማቴዎስ ወንወጌላዊ ብምንባብ ጥራሕ ዓስብና እንታይ ምዃኑ ኣይንስሕቶን ኢና፡ መናፍቓን ግን ነዚ ከስተውዕል ዝኽእል ኣእምሮ ስለዘይብሎም ንምንታይ ስማ ትጽውዑ እናበሉ ይምጉቱ፡ እዚ ኸኣ ደቂ'ቲ ኣብ ራእይ ዮሃንስ 12 ዘሎ ኣራዊት ምዃኖም የነጽሩ፡ ቅድስት ማርያም መን'ያ ክንፈልጣ ግድን'ዩ ምናልባት ንዘይፈልጥዋ ትሕቲ ፈጣርን ርዕሲ ፍጡራትን እያ፡ ኣምላኽና ሰማይ ዝፋነይ መሬት መርገጺ እግረይ፡ ቃለይ ካብ ክሓልፍ ሰማይን ምድርን ክሓልፍ ይቐልል፡ ከም ዝበለ ኣዴና ድንግል ማርያም ክኣ ጸዋሪት፡ ወላዲት ዓለም ክትጸሮ ዘይትኽእል እያ። ሕጽር ብዝበለ ግን እንኳይ ምእንተ ማርያም ኢልና ምእንተ ዝኾነ ሓደ ኻብ ቅዱሳን ጸዊዕና እንተ ለመናውን ይሰምዓና'ዩ፡ወንጌል ማቴ 24፤22 ክኣ እ'ኽልቲ መልሲ ኮይና ትስምዓና፡ ከምዚ ኸኣ ይብለና፡ <u>እተን መዓልታት እቲኣን ዘይሓጽራ እንተ ዚኾናስ ስጋ ዝለበሰ ዘበለ ኵሉ ኣይምድሓነን ነይሩ።</u> <u>ግናኸ እተን መዓልታት እቲኣን ምእንቲ እቶም ሕሩያት ኪሓጽራ እየን!!(ማቴ 24፡22)።</u>

*መልሲ ን 2ይ- ሃይማኖቱ ንዝቐየረ ናብ ቅንዕቲ ሃይማኖት ንኽትመልሶ መጀመርያ እቲ ኣትይዎ ዘሎ እምነት ኣሚኑድዩ ወይስ ንረብሓ'ዩ ኣትይዎ ምምርማር ኣገዳሲ'ዩ፡ ንረብሓ እንተኾይኑ ምዕዶ ከድልዮ'ዩ፡ ንኽትመልሶ ኸኣ ቀሊል'ዩ፡ ብእምነት እንተ ኾይኑ ግን ዓቕሊ ኽሓተካ'ዩ፡ እተን ክትሓቶ ዘለካ ኸኣ መጀመርያ ቅድሚ ሃይማኖት ምቕያሩ ብዛዕባ ሃይማኖቱ ኣፍልጦ ነይርዎዶ፧ ኤፌሶን 4 ሓደ ጎይታ፡ ሓንቲ ሃይማኖት ሓንቲ ጥምቀት፡* ከምዝብል ድሕሪታ ቀዳመይቲ ሃይማኖት ካልእ ሃይማኖት ከምዘየለ ምሕባር፡ እተን ንኸቕይር መኽንያት ዝኾንኦ ነጥብታት ሓቲትካ ብመጽሓፍ ቅዱሳዊ ቃላት ምዝርራብ፡ እቲ ዘምጽእዎ ቃላት መበገሲ ጌርካ እታ ምዕራፍ ብምልእታ እንተ ኣንቢብካያ ንዕኡም ኣፎም ዝዓጹ መልሲ ትረክብ ስለዝኾነ መጽሓፍ ቅዱስ ሒዝካ እንተኾነ ይምረጽ፡ ዝበዝሐ ግዜ ዳርጋ ኩሎም መናፍቓን፡ ኦርትዶክስ መልኣኽቲ ተምልኹ ኢኹም፡ ካልእ መሰረት ዘይብሉን እዮም ዘቕርቡልካ፡ ግን እዚ ኩሉ ክዛረቡ መልኣኽን ኣምላኽን ፈልዮም ኣይፈልጥዎን'ዮም! ብዝበለጸ መልሲ ንምርካብ ግን

እምነት ኦርቶዶክስ ጸሎት ሃይማኖት ስለ ዝገልጸ፡ ኦርቶዶክስ ምስፌለጥክዋ ወጺአ ዝብል እንተሎ ነቲ ኣብኡ ዘሎ ትሕዝቶ ፈሊጡ ንዕኡ ረጊጹ ዝወጽእ ግህነም መሪጹ ከምዘሎ ዝጽግሞ ኣይኮነን። እቲ ቀንዲ ብውልቂ ክትገብሮ ዝድለ ግን ጸምን ጸሎትን ከድሊ'ዩ፡ ብመጠኑ መሊስና ክንከውን ተስፋ እናገበርና ንዝጠፍኡ እግዚኣብሄር ናብታ ቅንዕቲ ሃይማኖት ይምለሰልና። ምናልባት ተወሳኺ መልሲ እንተ ተደልዩ ሓብሩና።

ኣምላኽ ምስኩላህና ይኹን ብሰላአም ኣብ ትንሳኤኡ የብጽሓና ኣሜን።